# ዘመነ ምጽኣት

(17 ታኅሣሥ 2005 - 5 ጥሪ 2006)

ሠለስተ ሰሙን ቅድሚ በዓል ልደት ዘመነ ምጽኣት ይጅምር። ኣብዚ ጊዜ እዚ ብቀረባ ንልደት ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ ንክንሰናዶ፡ ቤተክርስትያን ንኢየሱስ ክርስቶስ ከም ቃል ኣምላኽን፡ ብርሃን ዓለምን ሕያዋይ ጓሳ ነፍሳትናን ገይራ ተቕርቦ።

ኣብዚ ሰናብቲ ኣብ ቅዳሴ ኵሉ ጊዜ ካብ ወንጌል ዮሃንስ ይንበብ፡

"ኣብ መጀመርታ ቃል ነበረ፡ እቲ ቃል ኣብ እምላኽ ነበረ እቲ ቃል ድማ ኣምላኽ ነበረ" እናበለ ዮሓንስ ወንጌል ይጅምር። መልእኽቲ ናብ ዕብራውያን ድማ "ኣምላኽ በብእዋኑ ቅድም ብኣበውን ነብያትን ኣብ መጨረሽታ ድማ ብወዱ፡ ወትሩ ምስ ተዛረበ ኢዩ፡ ይብል እሞ፡ ብሰንበት ስብከት፡ ኢየሱስ "ቃለ ኣብ"፡ ክብሪ ኣምላኽ ኣብ ምድሪ ዜንጸባረቐን፡ መቓልሕ ኲኑ ድማ መልእኽቲ ኣምላኽ ዘግሃደ ምኳኑ የተሓሳስበና (ዕብ. ምዕ ፩)። ስለዚ፡ ኢየሱስ፡ ወልደ ኣምላኽ፡ ካብቶም ብዙሓት መላእኽቲ ወይ ኃይልታት ሓደ ዘይኮነስ፡ ኣቦኡ ኣብ የማኑ (ቦታ ክብሪ) ዜንብሮ ኢዩ። ንዓና እምበኣር ኣቦ መንነቱ ኪገልጸልና ምስ ደለየን፡ ልኡኹ ክንክተልን ዕርቂ ክንቅበልን ምስ ደለየና፡ ብኢየሱስ ክርስቶስ ኢዩ ገይሩዎ።




(ዮሓ 1፡ 44 - 51) ብዛዕባ ጸዋዕታ ፊሊጶስን ናትናኤልን ኬዝንቱ እንከሎ፡ ቀዳሞት ሓዋርያት ብዛዕባ ኢየሱስ "እቲ ሙሴን ነብያትን ብዛዕብኡ ዝጸሓፉ ረኺብናዮ!" ኢሎም ኪምስክሩሉ፣ ናትናኤል ድማ ምስ ኢየሱስ ሓደ ክልተ ቃላት ምስ ተዛረበ፡ "ወዲ ኣምላኽ ፡ ንጉሥ እስራኤል ኢኻ!" ኢሉ ከም ዝኣመነሉ ንርኢ።
ቅ. ጴጥሮስ ኣብታ ካልኣይቲ መልእኽቱ፡ *"ሰማያት ካብ ጥንቲ ብቃል ኣምላኽ (ወልደ ኣምላኽ) ከም ዝነበረ ... ሎሚ እውን ብቃሉ (ኢየሱስ ክርስቶስ) ተዓቝሩ ከምዘሎ ... ጽባሕ ድማ ንሱ ንኵሉ ኪፈርድ ከምዚመጽእ ዚርስዑ ኣለዉ"* (፪ ጴጥ3፡1-13 ተመልከት) ይብል። ስለዚ እዚ ቃል ወትሩ መልእኽቲ ኣምላኽ ከምዜመሓላልፍ ፊሊጥና፡ ጽን ኢልና ንስማዓዮን ኣብ ልብና ንሓዞን።
ቃል ኣምላኽ ሕያውን መስለጥን ኢዩ ፡ ቃል ኣምላኽ ከም ክልተ ዝኣፉ ጉራዴ በሊሕ ኢዩ (ዕብ4፡12) ቃል ኣምላኽ ከንቱ ኲይኑ ኣይተርፍን (ሮሜ 9 ፡ 6)። ስለዚ ከምቲ ዘማራይ ዝበሎ፡ "ሎሚ ድምጹ እንተሰማዕኩም፡ ከምቲ ኣቦታትኩም ዝገበርዎ፡

ልብኹም ኣይተትርሩ" (መዝ 95፡7)። ምኽንያቱ እቲ ቃል ሥጋ ለቢሱ ኣብ ሞንጎና ዝሓደረ ወልደ ኣምላኽ ንርእሱ ኢዩ።

ኣብ ሰንበት ብርሃን ድማ፡ *"ለይቲ ሓሊፉ፡ መዓልቲ ቐሪባ ኢያም፡ ግብሪ ጸልማት ካባና ደርቢናስ ኣጽዋር ብርሃን ንልበስ። ... ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ደኣ ልበስዎ እምበር፡ ነቲ ኃልዮት ሥጋስ መለዓዓል ትምኒት ኣይትግበርዎ።"* (ሮሜ 13፡11-14)።
እግዚኣብሔር ብርሃን ምዃኑን ኣብኡ ከኣ ሓንቲኳ ጸልማት ከም ዜብሉን፡ ...፡ ዝሰማዕናዮ ቃል እዚ ኢዩ። ... ምስኡ ኅብረት ኣሎና እናበልና ኣብ ጸልማት እንተ ተመላልሊስና፡
ንሕሱ፡ ሓቂ እውን ኣይንገብርን ኢና ዘሎና። ... (፩ ዮሓ ምዕ ፩)። ኢየሱስ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ኪዛረብ እንክሎ፡ "ኣነ ብርሃን ዓለም ኢየ ..." (ዮሓ 8፡12)፣ ክሳዕ ኣብ ዓለም ዘሎኹ ብርሃን ዓለም ኢየ" (ዮሓ 9፡5) "ብርሃን ክሳዕ ኣብ ሞንጎኹም ዘሎ፡ ጸልማት ከየርከበኩም፡ ብብርሃን ተመላለሱ..." ኢሉ ይምስክር። ወንጌላዊ ዮሓንስ ካብ ቀዳማይ ምዕራፍ ኣትሒዙ ንኢየሱስ ከም ብርሃን ገይሩ የቕርቦ፡ "ሕይወት ኣብኡ (ኣብ ኢየሱስ) ነበረት እታ ሕይይወት ከኣ ሕይወት ወዲ ሰብ ነበረት። ብርሃን ኣብ ጸልማት ክትበርህ ተላእኸት፡ ጸልማት ግን ኣይተቐበሎን።



" እናበለ ኣብ ሞንጎ ብርሃንን ጸልማትን ንምዕብላል ዚካየድ ቃልሲ ይገልጽ።

ንሓዋርያት ኣምላኽነቱ ኪገልጸሎም ምስ ደለየ፡ ኢየሱስ ኣብ ደብረ ታቦር መልክዑ ዝቐየረ ብብርሃን ከምዝተሸፈነ ገይሩ ተራእዮም። ጸሎት ሃይማኖት ክንደግም እንክሎና "ብርሃን ካብ ብርሃን፡ እውነተይና ኣምላኽ ካብ እውነተይና ኣምላኽ..." ኢልና እግዚኣብሔር ኣብ ብርሃን ስለዝኾነ ወዱ ከኣ ብርሃን ምዃኑ ንእመን። ካብ ግዜ ብሉይ ኪዳን እውን ሥራሕ ኣምላኽ ከም ብርሃን ኣብ ጸልማት ዚበርህ ይምሰል፡ "ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብ ጸልማትን ኣብ ድነ ሞትን ዚነብሩ ዝነበሩ ዓቢይ ብርሃን በረቐ።" (ኢሳ 9፡1)
ስለዚ ሓቀኛ ዝኾነ፡ ንኃዉ ዜፍቅር፡ ዘይሕሱ፡ ኣብ ብርሃን ከምዘሎ ገይሩ ይገልጾ። በንጻሩ ዚመላለስ ግና ኣብ ጸላም ይነብር።
ቤተክርስትያን በዚ ዕለት ክትጸሊ እንከላ፡ "በብርሃነ ስብሓቲሁ ወበጽንዐ ኃይሉ ተሰብከ። ወልደ እምሃበ ኣቡሁ ዘይነግሥ ለመዛግብተ ብርሃን ዘእምቅድመ ዓለም ህላዌሁ፡ መልአ ምድረ ስብሓቲሁ" "ወልደ ኣብ ኣቦኡ ዚነግሥ፡ ብብርሃን ዕቤቱን ብጽንዓት ሓይሉን ተሰብከ።

ኣብ ሣልሰይቲ ሰንበት ቤተክርስትያን ንኢየሱስ ከም ሕያዋይ ጓሳ ነፍሳት ገይራ ትጥምቶ። ጓሶት ካብ ጥንቲ ምልክት ናይ ሕያውነትን ርሕራሔን መንፈሳውነትን ኃልዮት ዝመልአ መርሕነትን ኰይኖም ይግመቱ ነበሩ፡ ስለዚ ኣብ ብሉይ ኪዳን እቶም ቀንዲ መራሕቲ ሕዝቢ እስራኤል ኣብራሃም፡ ሙሴ፡ ዳዊት ካብ ጉስነት ናብ መርሕነት ዝተወስዱ ኢዮም፤ ካልኦት እውን ብዙሓት ከም፡ ንኣብነት ኣቤል፡ ጊዴዎን፡ ነቢይ ዓሞጽ ወዘተ.።

ኣምላኽ ንርእሱ ኣብ ልዕሊ ሕዝቡ ዝነበሮ ኃልዮት ከም ናይ ጓሳተ ገዳስነት ኣብ ልዕሊ ኣባጊዑ ገይሩ የመሳስሎ። ኣብ ብሉይ ኪዳን ካብቲ ዝበለጸ ጸሎት *"እግዚኣብሔር ጓሳየይ ኢዩ ዝጐድለኒ የብለይን..."* (መዝ. 22) *"ኣታ ጓሳ እስራኤል ጾን በል፡ ንዮሴፍ ከም መጓሰ እትመርሖ፡ ኣታ ኣብ ልዕሊ ኪሩቤል እትቕመጥ፡ በሪህካ ተገለጽ"* (መዝ. 80፡ 2 - 3) ቀዳሞት ክርስትያን እውን ንኢየሱስ ኣብ መንኩቡ ሓደ ዕየት ከምዝሓዘለ ወይ ኣብ ሑቑፉ ዝሓቘፍ ጓሳ ገይሮም ይስእሉዎን ምስልታት ይቀርጹን ነበሩ።



ምናልባት ኢየሱስ ባዕሉ ከም ኵሎም ሕጻናት ናይ ገዝኡ እስራኤላውያን ጠለበጊዕ እናጓሰየ ዓብዩ ይኸውን። ስለዚስ ብዛዕባ ናይ ጓሳ ብኣባጊዑ ምኅላይን ብሰንኪ ሓንቲ ዝጠፍኣት በጊዕ ዘሕልፎ ጭንቀትን ድኻምን ኪዛረብ እንከሎ ናቱን ናይ ሰማዕቱን ተመኵሮ እናገለጸ ይዛረብ ስለዝነበረ ጽን ኢሎም ኪሰምዕዎ ይኽእሉ ነበሩ። ስለዚ ጴጥሮስን መልእኽቲ ናብ ዕብራውያን ዝጸሓፈን ንኢየሱስ ከም *ሕያዋይ ጓሳ፡ ዓቢይ ጓሳ ኣባጊዕ፡ ጓሳን ሓላው ነፍሳትን፡ ሓለቓ ጓሶትን* ገይሮም ኪገልጽዎ ይፍትኑ። ራእዩ`ዮሓንስ ድማ ኪውስኽሉ እንከሎ፡ ንኢየሱስ ከም ዕየት (ገንሸል) ገይሩ ኬቕርቦ ጸኒሑ፡ ኣብ መጨረሽታ፡ እቲ ገንሸል ድማ ኪጓስዮም ኢዩ (7፡17) ኣብ ምባል ይበጽሕ፡ ነፍሳት ደናግል ድማ እቲ ገንሸል ኣብ ዝኸዶ ይኽተላኦ (14፡4) ኪብል እንከሎ እቲ ናይ ጓሳን ኣባጊዕን ርክብ ኣብ ሞንጎ ኢየሱስን ነፍስን ኣብዛ ምድሪ ጥራሕ ከምዘይሕጸር ይገልጽ።

ቤተክርስትያን ኣብ ማኅሌት ዘሌሊት ክትጸሊ እንከላ፡ "ለክርስቶስ ይህላዌሁ ነኣምን፡ ወንሰግድ ውስተ ጽርሑ ቀዋሚት፡ በዕለተ ሰንበት ያድኅነነ፤ ወረደ ኖላዊ ኄር ኖላዊሆሙ ለእስራኤል።" ቀጺላ ከኣ፡ *"ፈኑ ሰላመ ላዕለ ሕዝብከ ኖላዊ ኄር ስቡሕ፡ መኑ ከማከ እምሰማይ ወረድከ በትእዛዘ ኣቡከ ከመ ትቤዙ ሕዝብከ ለዕረፍት ሰንበት ሠራዕከ።"*

ቀጺላ ድማ እዚ ኃልዮት ጉስነት ንመንፈስ ቅዱስ እውን ትርቒየሉ እሞ፡ *"እትኣመነክሙ ኣኃዊየ ከመ ትፈጽሙ ኵሎ ምግባረ ሠናይ፡ ወጽጉባን ኣንትሙ በኵሉ ጥበብ ወትክሉ ነጊረ ወምሂረ በእንተ ኢየሱስ ክርስቶስ። ነኣምን ኣበ ፌናዌ፡ ወልደ ተፌናዌ፡ መንፈስ ቅዱስ ማኅየዊ ዓቢየ ኖላዌ ሰማያዌ"።*